# ስርዓተ ኣምልኮ ተዋህዶ ቤተክርስትያን



**ዓቢይ ጾም ካልኣይ ሰንበት ቅድስት ተባሂሉ ይጽዋዕ።**

**1ይ ዲያቆን:-** 1 ተሰ 4፣1-13 (Thess)
**2ይ ዲያቆን:-** 1ይ ጴጥ 1፣ 13-25 (1 Peter)
**2ይ ካህን:-** ግብ 10፡7-30 (Acts)
**1ይ ካህን:-** ማቴ 6፡16-25 (Matthew)
**እግዚኣብሔርሰ ሰማያተ ገብረ፤ ኣሚን ወሰናይት ቅድሜሁ፤ ቅድሳት ወዕበየ ስብሓት ውስተ መቅደሱ።**
"but the LORD made the heavens. Honor and majesty [are] before him: strength and beauty [are] in his sanctuary." Psalms 96:5-6. 7.

**ቅዳሴ:-** ቅ. ኤጲፋንዮስ (ዓብይ)
**ያሬዳዊ መዝሙር:-** ግነዩ ለእግዚኣብሔር ወጸውኡ ስሙ (ንእግዚኣብሔር ኣመስግኑ ስሙውን ጸውዑ)
**መዝሙር ዳዊት:** እግዚኣብሔር ግና ሰማያት ገበረ፤ ግርማን ክብረትን ኣብ ቅድሚኡ፤ ሓይልን ጽባቐን ኣብ መቕደሱ እዩ። መዝ 96፡5-6።

# ቅድስና

ብባህርዩ ቅዱስ ዝኾነ ኣምላኽ፡ ቅዱስ እንዳተባህለ ዝምስገን፡ ብቅድስና ዝነብር ንቅዱሳን ዝቕድስ፡ ቅዱሰ ቅዱሳን እግዚኣብሔር በይኑ እዩ። እስራኤላውያን ኣዘውቲሮም ይዝምርዎ ከምዝነበሩ "ዎ እግዚኣብሔር ካብ ኣማልኽቲ ከማኻ መን ኣሎ?"፡ ኣምላኽ ኣማልኽቲ፡ እግዚኣ ኣጋእዝቲ ብቅድስና ክቡርን ፍሉዩን ኣምላኽ እዩ። ነብዪ ኢሳያስውን "ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ" (ኢሳ 6፡1-10) እንዳተባህለ ብመላእኽቲ ከምዝምስገን መስከረ፤ ቅዱስ ዮሃንስ ከኣ መዝሙር ነብዪ ሙሴ እንዳዘመሩ "ንስኻ በይንኻ ቅዱስ ኢኻ" እናበሉ ሰራዊት ሰማይ ከመስግንዎ ብርኣይ ከምዝርኣየ መስከረ (ራእይ 15፡4)። ጸሎታ ሰሚዑ ዝመለሰላ ሃናውን ከምዚ ኢላ መስከረት "ብጀካኻ ኻልእ የልቦን እሞ፡ ከም እግዚኣብሔር ዝበለ ቅዱስ የልቦን፡ ከም ኣምላኽና ዝበለ ከውሒ ኸኣ የልቦን።" (1ሳሙ 2፡2)። እግዚኣብሔር ባዕሉ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ፡ ሰዓብቱ ከኣ ንመን ኪመስሉ ከምዝደልን ከምዚ ብምባል ምሂሩና "ኣነ ቅዱስ እየሞ ንስኹምውን ቅዱሳን ኩኑ" (ዘሌ 19፡2፣ 1 ጴጥ 1፡16)።

ብኣፈ መላእክት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብታ ዝዓበየት ጸሎት፡ ክርስቶስ ባዕሉ ዝምሃራ ጸሎት ኣቡነ ዘበሰማያት፡ "ይትቀደስ ስምከ" ስምካ ይቀደስ እናበለ ዝበዝሐ ህዝቢ ዓለም ንኣምላኽ የመስግኖ። መወዳድርቲ ዘይብሉ ስለዝኾነ ነብዪ ኢሳያስ ከምዚ እናበለ ጽሒፉልና ኣሎ "ስለዚ እቲ ንዘልኣለም ዚነብር ልዑልን ዕዙዝን ቅዱስ ዝስሙን ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብቲ ልዑልን ቅዱስን ስፍራ እነብር ኣሎኹ፡ ግናኸ ንመንፈስ ትሑታት ህያው ክገብሮ፡ ንልቢ ድቑሳት ከኣ ህያው ክገብሮስ፡ ምስቲ ድቑስን ትሑትን መንፈስ ዘለዎ ሰብ ድማ እነብር ኣሎኹ።" ኢሳ 57፡15። ከምኡውን ነብዪ ሕዝቅኤል ከምዝገለጾ "...ነቲ ቅዱስ ስመይ ኣርከስዎ። ኣነ ግና ነቲ ....ዘርከስዎ ቅዱስ ስመይ ነሓፍክዎ።" (ሕዝ 36፡20-21)። ነቲ ቅዱስ ኣብ ማህጸና ዝጸሮት ቅድስት ማርያምውን "...ስሙ ቅዱስ እዩ" በለት (ሉቃ 1፡50)። ንዘልኣለም ከኣ በዚ ናይ ቅድስና ስሙ ክጽዋዕ ይነብር (ኢሳ 6፡3፤ ራእይ 4፡8)።

ቅዱስ እግዚኣብሔር ንሰዓብቱ ይቕድሶም (ዘጸኣት 28፡41)፡ ስሙ ዝጽውዓሉ ስፍራ፡ ስግኡን ደሙን ዝፍትፈተሉ ንዋያት ይቕድሶም (ዘጸኣት 3፡5)። ንሰንበትውን ይቕድሳ፡ ንመብጽዓናን ሞባእናን ይቕድስ፡ ንኹሉ'ቲ ንኣምልኾኡ ንጥቀመሉ ንዋያተ ቅድሳትውን ይቕድሶ (ዘፍ 2፡3፤ ኢያሱ 6፡9)።

ክርስቶስ "...ብሓቂ ቀድሶም" ከምዝበለ (ዮሃ 17፡17) ቤተክርስትያን ብደም ፈጣሪኣ ካብ ኩሉ ሓጢኣታ ትጸርን ትቕደስን። እቶም ብሓቂ ንክርስቶስ ዝስዕቡ ድማ ኪቕደሱ ይከኣሎም እዩ።

ክቡራት ክርስቶሳውያን ብሓቅን ብልብን ንኣምላኽ እንተስዒብናዮ ክንቅደስ ከምእንኽእል ንፈልጥዶ?(1 ቆረ 1፡30፤ ዮሃ 17፡17-19)። ምኽንያቱ ካብ መጀመርያኡ ቅዱሳን ክንከወን ኢና ተጸዊዕና (1 ቆረ 1፡2)። ካብ ማይን መንፈስ ቅዱስን ተወሊድና፡ ካብ ኣዳማዊ ሓጢኣት ጸሪና ብሓድሽ ልደት ኣብ ክርስቶስ ክንነብር ከምዝተጸዋዕና ወትሩ ክንዝክር ይግባእ። ኣብ ግዜ ቅዳሴን በቲ ቀዳማይ ዲያቆን ዝተነበበልና መልእኽቲ "ፍቓድ ኣምላኽ እዚ እዩ፣ ቅድስናኹም። ካብ ምንዝርን ክትርሕቁ እሞ፡ ከምቶም ንኣምላኽ ዘይፈልጡ ኣህዛብ ብፍትወት ትምኒት ዘይኮነስ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ንሰበይቲ ኺዳኑ ብቕድስናን ክብርን ምሓላይ ኪፈልጥ፡ እዚ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ።" (1 ተሰ 4፡3-4) ይብል። በቲ ካልኣይ ዲያቆን ዝተነበውን "...ቅዱሳን ኩኑ"፡ ከምኡውን በቲ ካልኣይ ካህን ዝተነበ "...ንዝተቐደሰ ኣይተርክሱ" ይብል (1ጴጥ 1፡13-17፤ ግብሪ 10፡12-30)። ቅዱስ ያሬድ ንመዓልቱ ዚዘመሮ መዝሙርውን ብዛዕባ ቅድስና እዩ። ስለዚ ክቡራት ኣንበብቲ፡ ሰዓብቲ ክርስቶስ ኪንከውን ክንጽዋዕ ከሎና ንቅዱስ ናብራ እምበር ከምቶም ኣምላኽ ዘይፈልጡ ብትምኒት ስጋኦም ዝምርሑ ኪንከውን ኣይኮነን። ሎሚ ህይወትና ከመይ ኣሎ? ኣብ ውሽጢ ዓብዪ ጾምን ጸሎትን፡ ሱባኤን ኢና ዘሎና። ንዝተጸዋዕናሉ ህይወትን ናብራን ክንበቕዕ ርእስና መርሚርና ብንስሓን ርእሰ-ምትሓትን ናብ እግሪ መድኃኔ ዓለም ወዲቕና፡ ጾምና ናይ ሕዳሴን ቅድስናን ኪኾነልና ልባዊ ውሳኔ የድልየና። ኣምላኽ ይርድኣና።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፤ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ። ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።